# ቃለ-መሕትት ምስ
# ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ

## ዘቤታዊ ጉዳያት



**ክቡር ፕረዚደንት፣ ምስናይ ዘሎ ብድሆታት እቲ ብደረጃ ዞባ ተኸሲቱ ዘሎ ሓድሽ ምዕባለታት፣ ኣብ ልምዓታዊ መደባትን ወፍሪ ርእሰ-ማልን ደራኺ ኣበርክቶ ክህልዎ ትጽቢት ዝግበረሉ እዩ። ምስ'ዚ ምዕባለታት ተኣሳሲሩ፣ ኣብ ርእሲ ናይ ግዳም ወፍርታት፣ ሽርክነታዊ ዞባዊ መደባት ልምዓትን ናይ ደቂ ሃገር ወፍሪን ንምትብባዕ እንታይ ይሕሰብ?**

ብቑጠባ ነብስና ከይንኽእል፡ ቁጠባና ከይነሐይል ምእንቲ፡ ህዝቢ ተሚጊቑ ብጥምየትን ብረዲኤት ናይ ሕቡራት ሃገራትን ዘይመንግስታውያን ውድባትን ከምዝነብር ንምግባር፡ ንዓና ጥራይ ዘይኮነ፡ ንካልኦት ህዝብታት'ዚ ከባቢና እውን ብኸምኡ እዮም ዝሕዝዎ። ካብ'ዚ ወጺእና፡ ናይ ብሓቂ ጥጡሕ ናይ ልምዓት ሃዋሁውን ባይታን ፈጢርና ገስጋስና ከነሐይል ይግባእ። ከም ኣብነት ክኾነና ናይ ወጻእተኛታት ከነምጽእ። ፋብሪካ ጡጥ (ባራቶሎ) ተወዲኡ. . . ኣብ ዝተባህለሉ እዋን፡ ነቲ ፋብሪካ ክንገዝኦ ኢሎም። ናትና ናይ ቍጠባ ክኢላታት ዝተሳተፍዎ ገምጋም ከኣ ተገይሩ። እቲ ርእሰ-ማል (Asset) ማለት ማዕጾ፡ መንደቕ፡ ሓጺን፡ ሮታመ ወዘተ ከምዚ'ዩ ዝመስል ተባሂሉ ምስ ተጸብጸበ፡ ብኽንደይ ሚልዮናት ተገምጊሙ ነይሩ። ንዕኡ ብሚልዮናት ምሻጥ ድዩ ዘወጻጽኣካ ዋላ ነቲ ኢንዱስቱሪ ምብርባር? ቀደም ኣብ እንዳ ዓለባ ዝሰርሕ ሰብ ነይሩ እዩ - ሎሚ ግን እንዳ ዓለባ ዝሰርሕ ሰብ የለን። ስለዚ፡ ኣውፋሪ መጺኡ ሰራሕተኛ ክዕልም ክኽእል ኣለዎ። እቲ

ናይ ቀደም ማለት ናይ ኣርብዓታት ወይ ሓምሳታት ቴክኖሎጂ ዘይኮነ፡ ሓዲሽ ቴክኖሎጂ ናይ ቅጥኒ፡ ናይ ዓለባ፡ ናይ ስፌት ከምጽእ ክኽእል ኣለዎ።

ዶላር ወሲድካሉ ኣይወሰድካሉ ዘይኮነ፡ እቲ ዘገድሰ ኣየናይ እዩ ዘኽስበካ እዩ። ናብኡ ገጽና ክንከይድ እንተ'ኹይንና፡ ጡጥ ከነፍሪ ንኽእል ኢና፣ ከምተን ብዙሕ ዘፍርያ ሃገራት ክንጅሃር ኣይንኽእልን ንኸውን። ንዓና ሓይልን መኽሰብን ዝህበና ግን ክብሪ ምውሳኽ እዩ። 10 ሽሕ ሄክታር፡ 5 ሽሕ ሄክታር ጡጥ ከነፍሪ ንኽእል ኢና። ነቲ ዘፍረናዮ ጡጥ ግን ብጥረኡ ኣይንሸጦን ኢና። ድሒጽካ ድሕሪኡ ናብ ቅጥኒ ናብ ዓለባ እዩ እቲ መስርሕ። ኣብ ተሰነይ ጌርናዮ ዝነበርና መድሃጺ ሓዊ ኣእትዮምሉ - ኰናት'ዩ። ዓለባ ካብ ደገ ኣምጺእና ዘይኮነ ንሕና ባዕልና ዝሰራሕናዮ ዓለባ'ውን ዝበለጸ ካምቻ፡ ዝበለጸ ልብሲ ኣብ ዝኸበረ ዕዳጋ ናይ ዞባ ናይ ዓለም ክንሸይጥ ክንክእል ኣለና። ኣብ ኣፍሪቃ ናይ ጥርሙዝ ፋብሪካ ኣይነበረን። ኣብ'ዚ ግን ናይ ጥርሙዝ ፋብሪካ ነይሩ። ሎሚ ኣበይ ኣሎ እንተደኣ ኢልና፡ እቲ ህንጻ ከማን የለን። ናይ ጥርሙዝ ጥረ ንዋት ኣለና፡ ሓሙኹሸቲ ሶዳ (soda ash) እንተ'ኹይኑ እውን ካብ ዝኾነ ከነምጽእ ንኽእል ኢና። እዚ ንዝተወሰነ ሚእታዊት ናይ'ቲ ጥርሙዝ ዘድሊ እዩ። እንተ'ኾነ፡ ጥርሙዝ ኣይነፍርን ኣሎና - ከነፍሪ ግን ንኽእል ኢና።

ቆርበት'ውን ከነፍሪ ንኽእል ኢና። እቲ ዝበለጸ፡ ኣብ ዝኾነ ዕዳጋ ናይ ዞባን ናይ ዓለምን ክኣቱ ዝኽእል፡ ብዋጋን ዓይነትን ተወዳዳሪ፡ ናይ መወዳእታ ፍርያት ከነፍሪ ክንክእል ኣለና። ናይ ብዝሐ ኣይኮነን። ሎሚ እንታይ ንገብር ኣለና እዩ እቲ ዝገድስ። ወርቂ ብሻ ተረኺቡ ኣሎ ኢልና፣ ዘይተጻረየ ወርቂ ንደገ ንሸይጥ፣ ከምኡ'ውን ኮፐር ኣለና፣ ነሓሲ ኣለና. . . ከምዚ ጌርና ንሸይጥ ኣለና እናበልካ፡ ብኸምኡ ቍጠባ ኣይተመሓድርን፣ ቍጠባ ከተዕቢ ኣይትኽእልን። ስለዚ፡ ኢንዱስትሪ ብኢንዱስትሪ፡ ጽላት ብጽላት፡ ነቲ ዘለና ተወዳዳሪ ብልጫታት ተጠቒምና ነቲ ቍጠባ ከነሕይሎ ክንክእል ምእንቲ፡ ንናትና ይኹን ናይ ወጻእተኛታት ኣውፈርቲ ጥጡሕ ባይታ ክንፈጥር ክንክእል ኣለና። ኣብ መወዳእታ፡ እቲ ዕላማ ንዕብየት ናይ'ቲ ቍጠባ ክኸውን ኣለዎ። ዓመት ዓመት እንታይ ይውሰኽ፡ ካበይ ናበይ ይኸይድ እምበር፡ ወጻእተኛ ዲዩ ወዲ ዓዲ መጺኡ ዘይኮነ፡ ኵሉ ከውፍር'የ ዝበለ ክመጽእ ክኽእል ኣለዎ። ነቲ ወፍሪ መንግስቲ እዩ ዝሕዞ፣ ገለ ዘረባታት ኣለዉ - እቲ ምክፋእ ንገዛእ-ርእሱ፡ ኣብ ውሽጢ ቍጠባዊ ኵናት ዝኣቱ እዩ። ንሕና መባእታዊ መረዳእታ ክጠፍኣና ኣይክእልን'ዩ። ናይ 1991፡ 1992፡ 1993 ተሃጊሩ ዝነበረ ንብረት ናይ መንግስቲ፡ ናብ ብሕታዊ ክፋል ከምዝሰጋገር ተገይሩ። እዚ ሎሚ እንታይ ኣፍሪዩ? እንተደኣ ኢልና፡ ዋላ ሓንቲ። እዚ፡ መንግስቲኣዊ እዩ፡ እዚ ብሕታዊ እዩ ምባል ናይ ኣስኮላታት ጣቋ እዩ። እቲ ዋና ነገር፡ ኣብ መወዳእታ እንታይ ተፍሪ እዩ።

ስለ’ዚ፡ ነዚ ካብ’ዚ ዓመት እዚ ንደሓር ኣቃሊልና ኣይንርእዮን ኢና። እቲ ብድሆታት ቀጻሊ’ኳ እንተኾነ፡ ንዕኡ ክንሰግሮ ዘሰክፈናን ዘፍርሓንን የለን። እተን ኣተኩርና ንሰርሓለን እዚኤን እየን። ናይ ወጻኢ ወፍሪ ይምጻእ ናይ ውሽጢ ፍልልይ የብሉን - ወፍሪ ወፍሪ እዩ። ኣብ’ቲ ዕላማ ንዛረብ። ብዝወሓደ ወጻኢታት፡ ብከመይ ብሉጽ ፍርያት፡ ተወዳዳሪ ፍርያት ኣፍሪና፡ ኣብ ዝበለጸ ዕዳጋታት ክንኣቱ ንኽእል። ኣብ’ተን ንጥቀመለን ቃላት’ውን ኩሉ ግዜ ጥንቃቐ የድልየና እዩ። ነቲ ቀንዲ ኣርእስቲ ጕሲኻ፡ መህውተቲ ዝኾውን ሓረጋት እናኣምጻእካ፡ እዚ ናይ ብሕብቲ’ዩ፡ እዚ ናይ መንግስቲ‘ዩ፡ እዚ ከምዚ’ዩ ዝበሃል ኣሎ። ንሕና ግን ኣብኡ የለናን። ዕላማና፡ ዕብየት ቍጠባ ምፍጣር እዩ። እቲ ዝበለጸ ተወዳዳሪ ፍርያት ኣምጺእና ንነብሰናን ንኻልእን ክንከውን እዩ። ንዕኡ ዘርኢ መንገዲ ኣርእየኒ፣ ንዓ ስራሕ። እንተዘየለ፡ ኣብ ዘየድልየና ኣርእስታት ኣይንኣቱን።

**ሕራይ ክቡር ፕረዚደንት፣ ኣብ መበል** 28 **ዓመት ናጽነት ኣብ ዝሃብካዮ መደረ፣** 11 **ነጥብታት ዝሓዘ ማሕበራዊ ኣገልግልት፣ ትሕተ ቅርጺ፣ ምስናዕ፣ መንበሪ ኣባይቲ፣ ኣፈጻጽማ፣ ጽሬትን ውጽኢታውነትን ዘጣመረ ናይ ሓጺር እዋን ናይ ልምዓት መደባት ዘርዚርካ ነይርካ። ኣብ’ዚ ዓመት’ዚ ክጅምሩ ቀዳምነታት ዝተዋህቦም መደባት ኣየኖት እዮም?**

እዚ ክገልጾ ዝጸናሕኩ ውሽጣዊ ጥራይ ክኸውን ይኽእል እዩ። ግን፡ ኣብተን ነጥብታት’ውን ጠቒሰዮ ነይረ እየ። ዞባዊ ናይ ምውህሃድ ሃዋሁው ምፍጣር’ውን ሓደ ካብቶም ዕላማታት እዩ። በይንና ክንጉዩ፡ በይንና ክንሰርሕ ንኽእል ኢና፣ ንኻልኦት እውን ረጊጽናዮም ክንከይድ ንኽእል ኢና፣ ክንቅድሞም ንኽእል ኢና. . . ዝበሃል የዋህ ኣተሓሳስባታት የለን። እንድሕሪ ተሓጋጊዝናን ተሓባቢርናን ኢና ዝበለጸ ውጽኢት ከነምጽእ ንኽእል። ሕጂ፡ እቲ ብድሆታት ተሰጊሩ’ዩ ክብሎ ኣይክእልን እየ። ንኣብነት፡ ባጽዕን ዓሰብን ናብ ናይ ብሓቂ ዝሰርሓ ወደባት ክንድርኽን ክንክእል ኣለና። ኣብ ቀይሕ ባሕርን ናይ ባሕሪ ሃገርን ስለዝኾንና፡ ነቲ ዘለና ዕድል ብግቡእ ክንጥቀመሉ ክንክእል ኣለና። እዚ ኣህጉራዊ መተሓላለፊ ማይ እዩ።

ባጽዕ ናይ ቀይሕ ባሕሪ ሉል ትበሃል ነይራ፣ ሎሚ ግን ናይ ቀይሕ ባሕሪ ሉል ኣላዶ እንተ ኢልና - የላን፡ ሉል’ውን ኣይኰነት። ሎሚ ባጽዕ የላን። ዓሰብ እውን የላን። እዚ ማለት ግን እቲ ክህሎት (potential) የለን ማለት ኣይኰነን። ስለዚ፡ ንዓአን ከነሐይለን ክንክእል ኣለና። እዚ ከኣ፡ ዓሰብን ባጽዕን ጥራይ ዘይኰነ፡ ብምልኡ እቲ ገማግም - ማለት፡ ካብ ዓሰብ ጀሚርካ በርዓሶሊ፣ በይሉል፡ ዕዲ፡ ጢዖ፡ ገልዓሎ፡ ዙላ ንሰሜን ገጽካ’ውን፡ ንበዓል ጉልቡብን ደረሳን ኪድ፡ ዓበይትን ናእሽቱን ዝበሃል ናይ ባሕርን ገማግም ባሕርን ትሕተ-ቅርጺ ክንፈጥር ክንክእል ኣለና። በየን ንጅምር፡ በየን ነብል ምእንቲ ከነተኣሳስሮ፡ እስከ በዘን ክልተ ዓበይቲ ወደባት ንጀምር። ናይ ባጽዕ ተጸኒዑ ዝተወድአ ፕላን ነይሩ። እቲ ፕላን ከነተግብሮ ግን

ኣይተሃወኽናሉን። ዋላ ምስ'ቲ ዝነበረ ናይ ፖለቲካን ካልእን ተጻብኦታት፡ ናይ ብሓቂ ናብ ዝሓሸን ዝዓበየን ወደብ ክወስደና ይኽእል ነይሩ ዲዩ? ሎሚኸ ንዕኡ ገዲፍና ካልእ ዲና ክንሰርሕ? ዋላ ብብመድረኽ - ማለት ኣብ ክክልተ ዓመት፡ ኣብ ሰሰለስተ ዓመት፡ ኣብ ሓሓሙሽተ ዓመት እናዓበየ ዝኸይድ'ሞ፡ ኣብ መወዳእታ ናይ ብሓቂ ወደብ ዝበሃል ክንሃንጽ ክንክእል ኣለና።

ከም ቀዳማይ መድረኽ ነቲ ዘሎ ነሐድሶ። ኣብ ካልኣይ መድረኽ ነመሓይሾ ወይ ነዕብዮ፣ ኣገልግሎቱ ከም ዝሕይል ንግበሮ፣ ኣብ ሳልሳይ መድረኽ ከኣ ናብ ምግፋሕ ክንከይድ። ሰሜን 20 ወይ 30 ኪሎ ሜትር፣ ደቡብ ከምኡ፣ ንውሽጢ'ውን 30፡ 40 ኪሎ-ሜትር ትኣቱ። ዓቢ ወደብ ክትሰርሕ ክትክእል ኣለካ። ንዓቢ ግን ብንእሽቶ ክትጅምሮ ስለዘለካ፡ ነዚ ሕጂ ንጅምሮ ኣለና ማለት እዩ። ብናትና ዓቕሚ፡ ዋላ ካብ ደገ ልቓሕ ረኺብና ክንጅምሮ ኢና። ንጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ ኢልና ነወንዝፎ ኣይኮነን። ክሳብ ክንደይ ንኸዩ፡ ክሳብ ክንደይ ከነሳልጦ ንኽእል፡ ምስቲ ኣቓዲመ ዝጠቐስክዎ ናይ ጥረ ንዋት፡ ናይ ጉልበት፡ ናይ ማሽነሪን ካልኦትን ተኣሳሲሩ ዝኸይድ እዩ። ግን ዝውንዘፍ ስለ ዘይኮነ፡ ወረቓቕትና እውን ከነጻፍፍ እንተ'ኼንና ክንጅምሮ ኣለና ስለዝበልና፡ ሕጂ ንጅምሮ ኣለና ማለት እዩ።

ኣብ ዓሰብ'ውን ብተመሳሳሊ ገፊሕ ወደብ ክንሰርሕ ዘለና ዕድል መዳርግቲ የብሉን። መድረኽ ብመድረኽ ካብ ምሕዳስ ናብ ምምሕያሽ፡ ካብኡ ድማ ናብ ምስፋሕ ክንከይድ ምእንቲ፡ ሓፈሻዊ መርሓ ጎደና ኣለና። ንኹሉ መርሓ ጎደናታትና ኣጻፊፍና ኢና ንጀምር ኣብ ክንዲ ንብል ግን፡ ነቲ ዘለና ናይ ሃብቲ ዓሳ ኢንዱስትሪ ንብሎ ኣብ ግምት ኣእቲና በዚ ሕጂ ዘሎ ንጀምር። ዕቑር ዓቕሚ ናይ ባሕርና እንታይ ኢዩ? ኢልና እንድሕር ተዛሪብና፡ በቲ ዝወሓደ ገምጋም ኣብ ዝተገብረሉ እዋን፡ ካብ 80 ሽሕ ቶን ክሳብ 120 ሽሕ ቶን ወይ ናብ 100 ሽሕ ቶን ኣብ ዓመት ክኸይድ ይኽእል እዩ ተባሂሉ። ክንደይ ገፊፍና ኣብ ዝሓለፈ 20 ዓመታት እንተተባህለ፡ ካብ 10 ሽሕ ቶን'ውን ኣይሓለፍናን - ብዝገበርና ጌርና። ካብ 80 ሽሕ ቶን ዝወሓደ ዝበሃል ገምጋም፡ 10 ሽሕ ቶን'ውን ክንገፍፍ ኣይከኣልናን።

ኣብ'ዚ ሕጂ ናብ ምኽንያታት ንኣትወሉ የለን። ብዙሕ ዕድል ኣየጋጠመናን፡ ኣይሰራሕናሉን። እቶም ዘጋጠሙና ዕንቅፋታት ሓደ ብሓደ ብወድዓውነት ክንርእዮም ኢና። ንሳቶም ግን ከም ተሞኲሮ ንመሃረሎም እምበር፡ ዘሰናብዱናን ተስፋ ዘቑሩጹናን ስለዘይኮኑ፡ ንዕኡ ዘድልየና ትሕተ-ቕርጺ ከነንጽፍ ኣለና። ኣብ ዕዲ፡ ጢዖ፡ ገልዓሎ ንኣሽቱ ማርሳታት ጌርና - ናይ በረድ መስርሒ ዘለዎ ነኣሽቱ ነኣሽቱ መሳለጥያታት ዝሓዘ፣ ግን ሞይቱ ተሪፉ። ስለ'ዚ፡ ንብምሉኡ ናይ ሃብቲ ባሕሪ ኢንዱስትሪና ንምምዝማዝ መበጋገሲ ዝኸውን ትሕተ ቅርጺ'ውን ከነንጽፍ ክንክእል ኣለና። እቲ ገማግም ኣብ ንሐድሕዱ ብጥዑይን ስሉጥን ጽርግያታት ከነተኣሳስሮ ኣለና ። ንባጽዕን ዓሰብን ዘራኽብ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንሰሜን ገጹ ዝኸይድ

ጽርግያታት እውን ክንሰርሕ ክንክእል ኣለና። እዚኦም ኣብቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎ ናይ ትሕተ-ቅርጺ መደባትና ዝኣትዉ እዮም። መድረኽ ብመድረኽ እናደፋእናዮም እንድሕር ኬድና፡ ሓይሊ እናወሰኹ ነቲ ካልእ ዳሕራይ ዝመጽኣና ሽግራት ንምግጣም እውን ክሕግዙና ክኽእሉ እዮም።

ናይ ገደም ናይ ስሚንቶ ፋብሪካና እቲ ምሉእ ትሕዝቶኡ ወይ ጥረ-ንዋቱ ዝበሃል፡ ካብ 30 ሚልዮን ኣይሓልፍን ኢዩ። ጢያ ኣለና፣ ኣብ ጢያ ናይ 100 ሚልዮን ዕቑር ጥረ-ንዋት ስሚንቶ ኣሎ። ጢያ እንድሕር ኣማዕቢልናዮ፡ ንውሽጣዊ ዘቤታዊ ጠለባትና ጥራሕ ዘይኮነ፡ ንደገ'ውን ሰደድ ክንገብር ንኽእል ኢና - ዓይነት ናይቲ ጥረ-ንዋት እውን ስለዘለና። ኣብኡ ክሳብ ክንደይ ኢንዱስትሪ ከነማዕብል ንኽእል? ገና ኣብ መወዳእትኡ ዘይበጽሐ ናይ ኩሉሊ ናይ ዕድና ፖታሽ ጸጋታት'ውን ኣለና። ንሱ'ውን ሓደ ገጂፍ ክህሎት (potential) እዩ። ንዕኡ ከነዕብዮ እንድሕር ኴንና፡ ትሕተ-ቅርጺ ከድልዮ እዩ። እዚ ኩሉ ገማግም ዝብሎ ዘለኹ ንሓድሕዱ ተኣሳሲሩ ክሰርሕ ምእንቲ፡ ናይ ማይን ኤለክትሪክን ኣገልግሎት እውን ክረክብ ክኽእል ኣለዎ። ናይ ኤለክትሪክ ኣገልግሎት - ተሓዳሲ ድዩ፡ ረስናዊ ድዩ፡ ተርማል ድዩ፡ ዋላ ጂኦተርማል'ውን ከም መደብ ሒዝናዮ ኣለና። ምጅማር ናይ'ቲ ስራሕ ዘይኮነ፡ እቲ ክጻፈፍ ዘለዎ ውጥናትን መጽናዕትታን እውን ሎሚ ዓመት ኣጻፊፍና ክንፈልጦ ክንክእል ኣለና። በንእሽቶ ንጀምር። እዚ ሕጂ መተኣታተዊ ኢልና እንድሕር ወዲእናዮ፡ ካብ ዓሰብ ንደባይሲማ፡ ካብኡ ኸኣ ንውሽጢ ኢትዮጵያ ዝኣቱ ጽርግያ 'ደሓን'ዩ ዘሎ፡ የካይድ'ዩ' ኢልና ክንሓስብ ንኽእል። ግን እቲ ጽርግያ ጸቢብ እዩ -ምግፋሕ የድልዮ። ናይ ማይ ቀረብ ጉዳይ ኣሎ። ተጸኒዑ ዝተወድአ ወረቓቕቲ ኣለና - ናይ ዲጋታት ማለት እዩ። መዓስን ብኸመይን ንጅምሮ ንዝብል - ነቲ ምስ ዓሰብ ክተኣሰሰር ዝኽእል፡ ምስ ዞባዊ ኩነታት ይኹን ምስ ዓለማዊ ኩነታት ዝተኣሰር ናይ ትሕተ-ቅርጺ ምልግጋብ፡ 'ሎሚ ዓመት ክንጅምሮ ኢና' ኢልና ዓቕምና ንኣኻኽብ ኣለና ኢልና ክንዛረብ ንኽእል።

ካብ ባጽዕ ብነፋሲት ገይሩ፡ ብደቀምሓረ ኣቢሉ ንሰርሓ - ዛላምበሳ ዝኸይድ ጽርግያ'ውን ብምጽባቡ፡ ከይተጨነቕና ንዕኡ እናኣሐደስናን እናመሓየሽናን ክንከይድ ኢና - ምምሕያሽ ኣብ ቅርጺ ማለት እዩ። ድንድላት ዘድልዮ፡ መተኣላለዪ ዘድልዮ፡ ኣላይመንት (alignment) ክንቕይረሉ ዘለና ኣበይ ኣበይ ኢዩ፡ ስሉጥ ጽርግያ ክኸውን ክኽእል ኣለዎ። ንሱ ኸኣ ብናይ ሓመድ ጀሚሩ ኣሎ። እቲ ጽርግያታት ገሊኡ ቅጥራን ኢልካ ክትዛረበሉ ኣይትኽእል ኢኻ። ኣዝዩ ጸቢብ ኢዩ፣ መተዓጻጸፊኡን መኸዲኡን'ውን ዓበይቲ መካይን ከተንቀሳቕሰሉ ዝከኣል ኣይኰነን - ሓደ መስመር እዩ። ድሮ ሓደ-ሓደ ነኣሽቱ ዝተጀመረ ኣሎ። ግን ናይ ዓቕሚ ምዕባይ፡ ናይ ማሽነሪ፡ ናይ ናውቲ፡ ናይ ጥረ-ንዋት ጉዳይ፡ ልዕሊ ኩሉ ኸኣ ናይ ጉልበት ስራሕ እውን ዘድልዮ እዩ።

ሳልሳይ ወይ እዚ ሕጂ ጀሚርናዮ ዘለና ናይ ኣስመራ ቀለቤታዊ መገዲ (ring road) እንብሎ፡ ነዞም ሰለስተ መስመራት እዚኣቶም መተሓሳለፊ ዝኾኑና እዩ። ብነፋሲት ተኣሊና እንተኸድናዮ ጽቡቕ፣ እንዘይኮነ ግን፡ ብኣስመራ ተጠዊና ብዓዲ-ጓዕዳድ ጌርና'ውን ንደቀምሓረ፡ ንመንደፈራ ክንከይድ ንኽእል ኢና። እቲ ናይ መንደፈራ ናብ ብዓል ክሳድ-ዒቃ ክወሰደና ስለዝኽእል፡ ካብ ንንየው ናብ ውሽጢ ኣቲና ንኸይድ - ብጀካ'ቲ ከም ዕንቅፋት ዘሎ ድንድል። ንዕኡ'ውን ክንሰግሮ ክንክእል ኣለና። እቲ ራብዓይ፡ ናብ ኣስመራ ኣትዩ ወይ ንኣስመራ ጎስዩ ንመንሱራ ወሪዱ ናብ ኣቑርደት ዝኸይድ፡ ካብኡ ኸኣ ንዶብ ሱዳንን ንኣመሓጃርን ዝኸይድ ጽርግያ እዩ። እዚኦም ሕጂ ከም ሓደ ኣብነት ወሲድና ሎሚ ዓመት ክንጅምሮም ንኽእል ኢና። ናይ ወረቓቕቲ ምጽፋፍ ወይ ናይ ውጥናት ምድላው ዘይኮነ፡ ንዕኡ ዘብቅዓና ናይ ዓቕሚ ጉዳይ ኣሎ፡ ጉዳይ ማሽነሪ፡ ጉዳይ ናውቲ ኣሎ፣ ናይ ሰብ ጉልበት ኣሎ። እዚ ኣብ ኢድና ዘሎ ስለዝኾነ፡ ሎሚ ዓመት ክንጅምሮ ኢና - ከመይ ይግስግሰልና እናረኣና ማለት'ዩ። ግን 'ክንቀላጥፎ ክንፍትን ኣለና' ኢልና ንሰርሖ ዘለና እዩ። እዚኦም ከም ኣብነት ኢየ ዘምጽኦም ዘለኹ።

ኣብ'ቲ ናይ ጸዓት መደባትና እንተደኣ መጺእና፡ በዚ ሕጂ ዘሎ ሰንከልከል ዝብል ጸዓት ክንከይድ ስለዘይንኽእል፡ ብውሕዱ ኣብ ዓሰብ ናይ 30 ሜጋ-ዋት ተሓዳሲ፡ ኣብ ባጽዕ ናይ 20 ሜጋ-ዋት ተሓዳሲ፡ ኣብ'ዚ ከባቢ ኣስመራ ኸኣ ደገፍ ዝኸውን ናይ 10 ሜጋ-ዋት ንውስኽ። ብድምር ናይ 60 ሜጋ-ዋት ተሓዳሲ ንገብር። ማዕረ-ማዕሪኡ ተርሚል - ዝተፈላለየ ተርባይናትን ጀነሬተራትን እናሓወስና፡ እናዋሰብና ነቲ ኣገልግሎት ናይ ጸዓት ብመጠኑ ምስቲ ገስጋስና ዝኸይድ ገይርና ክንሕዞ ኣለና። ካብ 60 ሜጋ ናብ 120 ሜጋ፡ ካብኡ'ውን ናብ 240 ሜጋ ክንከይድ ኢና። ቅድም ግን፡ ነቲ 60 ሜጋ ነተግብሮ፣ ናይ ምትግባር ዓቕምና እናመዘንና ከኣ ናብ ዝገጀፈ ክንከይድ ንኽእል ኢና። እዚ ምስቲ ናይ ትሕተ-ቕርጺ - ናይ ጽርግያታት፡ ናይ ወደባት ዝተኣሳሰረ እዩ። እዚ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንገዛእ-ርእሱ እቲ ናይ መጎዓዚ ዓቕምና ኸ - ንህዝባዊ መጎዓዚያ ዘድልየና ናይ ጽርግያታት መጎዓዚ ድዩ ዋላ እቲ ናይ ተለፈሪካ፡ ናይ መስመር ሻምብቀ መደባት እውን ወረቓቕትና ኣጻፊፍና እንተወዲእናዮ ሰእሊ ክህበና ስለዝኽእል፡ ዓቕምና እናመዘንና ከነተግብሮ ንኽእል። ዝዕንቅፈና የለን - ኣብዚ ሕጂ ሒዝናዮ ዘለና ማለት'ዩ። ኣዚኦም ምስቶም ናይ ማይ መደባትና ዝተኣሳሰሩ እዮም።

ማይ ግን ልዕሊ ኩሉ እዩ። ማይ ከይሓዝና ዝኾነ ነገር ክንገብር ኣይንኽእልን ኢና። ስለ'ዚ፡ ነቲ ጀሚርናዮ ዘለና ናይ ማይ ትሕተ- ቕርጽና - ናይ ዓበይቲ ዲጋታት፡ ማእከሎት ዲጋታት፡ ነኣሽቱ ራህያታት፡ ብቐንዱ ኸኣ ናይ ማይ ክየ ፍወሳ መደባትና፡ ናህርን ሓይልን እናወሰኽና ክነሰርሖ ኢና። ንዕኡ ከይሓዝና ዝኾነ ናይ ልምዓት መደብ ክንሓስብ ኣይንኽእልን። ዓበይቲ ዝመስሉ፡ ዘብለጭልጩ 'ጻዕዳ ሓርማዝ' (white elephant) እንብሎም ከነብዝሕ የብልናን። ጭቡጥ ነገር ክንገብር ክንክእል ኣለና። እዚኦምን እቶም ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ዝበሃሉ ናይ ኣባይቲ

መደባትናን ምስኡ ኣተኣሳሲርካ፡ ኣብ 2020 ናይ መወንጨፊ መደባትና ጥራይ ኣጻፊፍና፡ ኩሎም እዚኣቶም ካብ 2021 ንድሓር ከይበልና ዋላ ኣብ ፍርቂ ናይዚ ዓመት'ዚ ምድላዋት ጌርና ክንሰርሓሎም ክንክእል ኣለና። ኬድካ ኬድካ ኣብ መወዳእታ ግን፡ ዓቕሚ (capacity) ኣለካ ድዩ? ሕጂ ናይ ገንዘብ፡ ናይ ለቓሕ፡ ናይ ገለ ኣይኮነን ዘሎ እቲ ሕቶ። ናይ ልቓሕ ጉዳይ ንዓና ከጸግመና ኣይክእልን ኢዩ። እቲ ዋና ነገር ሰብኣዊ ዓቕምና እዩ መጀመርያ ዝመጽእ። ጸጋ ሰብና እዩ ልዕሊ ኩሉ።

ናይ ማሽነሪን ናይ ጥረ ንዋትን ዓቕምና እንድሕር ኣረጋጊጽና፡ ድሕሪኡ ነቲ ናይ ትግባረ ክእለትና እናኣሐየልናዮ፡ ነቲ ዝከኣለና ባዕልና ንገብሮ። ነቲ ዘይከኣለና ኸኣ ናይ ደገ ኩባንያታት እናኣምጻእና ክንሰርሖ ንኽእል ኢና። ኣብቲ ናይ ዕደና መደባትና'ውን ብዙሕ ዝርርባት ይካየደሉ ኣሎ። ኣብዚ ዓመት'ዚ ንውድኦዶ ኣይንውድኦን? ምስ መንን ከመይን ጌርና ኢና እንኣትዎ እቲ ውዕላት? ኣብ መስርሕ ዘሎ እዩ። ሕጂ ኣረጋጊጽካ ክትዛረበሉ ኣይትኽእልን - ናትና ዘቤታዊ ጉዳይ ስለዘይኮነ ማለት'ዩ። ብኣጠቓላሊ ግን፡ ኣብ 2020 ኣብ ክንዲ ናይ በይንና መደባት ኢልና ንዛረብ፡ እስከ ምስ ናይ ጐረባብትና ከነለጋግቦም ንፈትን - ንብል ኣለና። ኣብ መንጎና እንታይ ናይ ትሕተ-ቅርጺ ምልግጋብ (interfacing) ክግበር ይከኣል? ነቲ ዘሎ ናይ ጽርግያታት መርበብ ከመይ ጌርና ከነለጋግቦ ንኽእል? ናይ ባቡር፡ ናይ ጸዓት፡ ከምኡ ድማ ናይ ሻምብቆ ነዳዲ (pipeline) መስመራት - ከነለጋግቦ ንኽእል ኢና።

ንሕና ጥራይ በይንና ዘይኮንና ግን፡ ካብ ኸሊጅ መሻርኽትና ዝኾኑ ኣምጺእና ክንሕውሰሉ ንኽእል ኢና። ምስ ሱዳን እውን ልክዕ ከምኡ። እዚኦም ሕጂ ኣብ ደረጃ ልዝብ ወይ ዝርርብ ስለዘለዉ፡ መዓስ ክትግበሩ ወይ መዓስ ክጅምሩ ይኽእሉ - ምስ ወዳእናዮ ክንርእዮ ኢና። ከም ሓሳብ ግን በይንና ጥራሕ ክንሰርሕ ዘይኮነ፡ ኣግፊሕና ናይ ምትሕብባር ኩነታት እናፈጠርና ክንከይድ ኢና። ኣብዚ 2020 እንተሰሊጡና ድማ ጽቡቕ። ብናትና ብባዕላዊ ምኽንያት ዘጋጥመና ጸገማት ኣይክህሉን እዩ፣ በቲ ናይ ደገ ግን ክህሉ ይኽእል እዩ። ምኽንያቱ፡ ምስ ኢትዮጵያ ተላጊብና ከይንሰርሕ፡ ሕማም ርእሲ ዝሓደሮ መወዳእታ ዘይብሉ እዩ። ዝኾነ ምስ ጎረባብትና ክንፈጥሮ እንደሊ ልምዓት፡ ዋላ ካልእ እንተተረፈ ቀሓር ዘምጽኣሉ ሰብ ብዙሕ እዩ ዘሎ። ናይ ድሌቶምን ባህጎምን ጉዳይ ዘይኮነ፡ ናይ ምዕንቃፍ ዓቕሞም ቀጻሊ ስለዝኾነ፡ ንዕኡ ኣብ ግምት ከየእተኻ ዝኾነ መደባት ከተተግብር ኣይትኽእልን ኢኻ።

ስለ'ዚ ነቲ ሃዋሁው ከነጠዓዕሞ ምእንቲ፡ እዚ ንኸዶ ዘለና እንተሰሊጡና ጽቡቕ። ቅድሚ ሱቕ ኢልካ ኣብኡ ኸሎ ናይ ፖለቲካ፡ ናይ ፒ.ኣር ዘረባታት ምዝራብ፡ ጽርግያታትና በየን በየን ነላግቦ? መስመር ባቡር እንድሕር ኣሎ ኾይኑ በየን በየን ነላግቦ? ናይ መጎዓዚ ዓቕምታትና ከመይ ጌርና ነገጣጥሞ? ኣብ መወዳእታ ኣነ

ይረብሕ ንሰኻ'ውን ትረብሕ። እዚ ናይ ባዶ እኩብ ኣይኮነን፣ 'ዜሮ ሳም ጌይም' (zero sum game) ዝበሃል ነገር ከም ቋንቋ ዳርጋ ልሙድ እዩ ዘሎ። ንሕና ብእኡ ኣይንሰከፍን ኢና - ንፈልጦ ስለ ዝኾንና። ተማሂርናሉ ኢና ካብ ተሞኩሮ። ስለ'ዚ፡ እቲ ምስ ጎረባብትና ክንፈጥሮ እንኽእል ናይ ምትሕብባር ዝምድናታት እውን፡ ነዞም ኣብ 2020 ንጅምሮም መደባት ክሳብ ክንደይ ክጸልዎ ይኽእል ሕጂ ሰዓት ከይኣኸለ እንከሎ ክትዛረበሉ ኣጸጋሚ እዩ። ግን እናደኸምና፡ እናሰራሕና፡ ኩነታቱ እናመዘንና፡ ኣብ 2020 ዝጅመር እንተሎ ክንርእዮ ኢና። እንተዘይኮነ፡ ካብ 2021 ክጅመር ዘለዎ ፕሮግራማት እዩ።

**ክቡር ፕረዚደንት፡ ቅድሚ'ዚ ሓዲሽ ምዕራፍ ኣብ ዝነበረ 20 ዓመታት፡ ልኡላውነትናን ዕብየትናን ንምውሓስ ልዑል ተወፋይነት፡ ዓቕልን ትዕግስትን ዝሓተተ ከቢድ መድረኽ ሰጊርና። ሳላ ጽንዓትና ከኣ ብዓወት ክንወጽእ ክኢልና። ኣብዚ ሓዲሽ መድረኽ፡ ሕዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ መንእሰያት ድማ ብፍላይ -ክግንዘብዎ እትደልዮ መልእኽቲ እንተሎካ?**

እቲ ኣርእስቲ፡ ከምቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስክዎ በይኑ ክዝረበሉ ዘለዎ እዩ። እዚ ኩሉ መደባት ስኢልና፡ ውጥናት ኣውጺእና ከመይ ገይሩ ክትግበር እዩ እንድሕር ኢልካ፡ ብዕድመ ኣይንፈላልዮን ኢና። ዋና ነገር ግን፡ እቲ መንእሰይ ክሳተፈሉ ክኽእል ኣለዎ። ኣብ ዝሓለፈ ክልተ - ሰለስተ ዓመታት ጌርናዮ እንብሎ ሓደ ዓቢ ገምጋም፡ ኣቐዲመ'ውን ጠቒሰዮ ዝነበርኩ እንታይ እዩ - 'ባዶ ምብኻን' ኢልና ዓቢ ኣርእስቲ ኣቐሚጥና። ባዶ ምብኻን ማለት፡ ሓደ መንእሰይ ወይ ሓደ ወዲ ሃገር ዓዲ ክውዕል የብሉን፣ ወይ ድማ ኣብ ዘየፍርየሉ ቦታ ግዜኡ ብዓወንወን ክጠፍእ የብሉን። ብናይ ትምህርቲ መደባትና እንድሕር ርኢናዮ - ኣይተዓወትናሉን። ዝባኸነ ዓቕሚ መወዳእታ የብሉን።

ናይ ስልጠና (vocational training) መደባትና ከነሐይሎ ክንክእል ኣለና። እዞም ንዛረበሎም ዘለና መደባት፡ ብዘይ ናይ ሰብ ሞያዊ ተመኩሮኣዊ ብቕዓት ከተተግብሮም ኣይትኽእልን ኢኻ። ማሽነሪ፡ ኢኩፕመንት ከተምጽእ ትኽእል፡ ካልእ ዝተፈላለየ ውጥናት እውን ከተጻፍፍ ትኽእል ኢኻ። ኣብ መወዳእታ ግን መን ይሰርሖ? 'መንእሰያት እዮም፡ ዓበይቲ እዮም' ከይበልካ - ኩሉ ሰብ ከም ዝሳተፎ ትገብር። ዝያዳ ተሳታፍነት ግን፡ ናይቲ መንእሰይ ክኸውን ክኽእል ኣለዎ። ሕጂ ዳርጋ ናብ ከም ብሓድሽ ምሕዳስ ኢና ንኣቱ ዘለና። ሞያ ዘይቀሰመ መንእሰይ ሞያ ክቐስም ክኽእል ኣለዎ። እቲ ዝቐስሞ ሞያ ኣበይ ይሰርሓሉ? እተን ዘድልያና ሞያታት እንታይ እየን? ምናልባሽ ናይ ማሞስ መደብ ኣተኣታቲናዮ - ብግዝያውነት ማለት እዩ። ነቲ ንኸሰሮ ዘለና ዓቕሚ፡ ነቲ ዝባኽን ዘሎ ጸጋታት ብግቡእ ክንጥቀመሉ ምእንቲ፡ ናይ 'ቮኬሽናል ቴክኒካል ትረይኒንግ' (vocational technical training) መደባት ነተኣታቱ። 'ነኣሽቱ ነኣሽቱ ኣብያተ-ትምህርቲ ተደኩነን ብዙሕ ኣፍርየን' ኢልና ክንጀሃረለን ኣይንኽእልን ኢና።

ንኽንድዚ ዝኣክል ብዝሒ ናይ መንእሰያትና ኣበርክቶ ብዓይነት ክነሐይሎ ምእንቲ፡ ቅድሚ ዝኾነ ካልእ እተን ብግብሪ ክቐስመን ዘለዎ ሞያታት እንታይ እየን? ኣብ ምንታይ ኣብ ምንታይ? ኣብ ምልሓም ሓጺን፡ ኣብ ምጽራብ ሓጺን፡ ኣብ ህንጻዊ ስርሓት፡ ኣብ ኦፐሬሽን ናይ ማሽነሪ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ካልኦት ኣገልግሎታት፡ ብሓጺሩ ኣብተን ‘ብልክዕ ኣብዚኦን ኣብዚኦን የድልያና እየን’ እንብለን ዓውድታት፡ ዋላ እቲ ‘ይፈልጥ እየ’ ዝብል እውን ኣብኦን ተሞኩሮ ዝቐስመሉ ኩነታት ክህልዎ ክኽእል ኣለዎ። እዚ፡ ዓቕምና ክነዕቢ እንብሎ ዘለና፡ ዋላ ናይ ምወላ ዕድል ይሃሉኻ - ንብረት ክትገዝእ፡ ቴክኖሎጂ ከተምጽእ፡ ማሽነሪ ከተምጽእ ዋላ ክኣል፡ ንዕኡ ከስርሕ ዝኽእል ሰብ እንተዘይብልካ ኣብ መወዳእታ ትርጉም የብሉን። ጥረ-ንዋት ከተጥሪ እንተደኣ ኼንካ፡ ንሱ ንበይኑ ጥራይ ኣይሰርሕን እዩ።

እዚ ዓቢ ኣርእስቲ እዩ። በየናይ ዓውዲ፡ ኣበየናይ እዋን፡ ኣብ ክንደይ ግዜ፡ እንታይ ዝኣመሰለ ፍልጠት ወይ ሞያ ከተጥሪ ትኽእል - ብግብሪ እውን ኣብቲ ናይ ቁጠባዊ ዕብየት ዝበሃል ዘሎ እንታይ ኣበርክቶ ክገብር እዩ. . . ንዕኡ ዝቐሙ ኣካላት ኣለዉ። ናይ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ኣሎ። ንሱ ዘይኮነ ግን፡ ካብ ሱር መሰረቱ ክቕየር ኣለዎ፣ ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ጀሚሩ እቲ ስርዓት ‘ኦቨር ሆልድ’ ክኸውን ክኽእል ኣለዎ። ኣብ ዓመት ወይ ኣብ ክልተ ዓመት ዝውዳእ መደብ’ውን ኣይኮነን። ናትካ ሰኣብዊ ዓቕሚ ኣፍራይነቱ በቲ ዝለዓለ ደረጃ ክኸይድ ምእንቲ፡ ንዕኡ መዕጠቒ ዝኾነካ መደባት ናይ ስልጠና ክህልወካ ኣለዎ። ንዕኡ ቅድም ትገብር፣ እቲ ዘላቕነት በዚ ኢኻ ክትርድኦ እትኽእል። ዘላቕነት ናይቶም መደባት ኣብ ወረቐት ክሳብ ክንደይ ወርጺጾም ኣለዉ፡ ክሳብ ክንደይ ክትግበሩ ይኽእሉ ዘይኮነ እቲ ሕቶ፡ ንዕኡ ከስርሖ ዝኽእልን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ሓይሊ እናደረበ ዝኸይድን ዓቕሚ ሰብካ ቅድም ከተዕጥቕ ኣለካ። ከቢድ ስራሕ እዩ።

ዝፈታተንናዮ ሓደ ሓደ መደባት ኣሎ። ናይ ስልጠና መደባት ኣብ ደገ። ናይ ካልኦት ትካላት ትምህርቲ እናተጠቐምና ዓቕምና ክነሐይል ክንክእል ምእንቲ፡ ንደገ ዝኸዱ ኣለውና። ኣብ ደገ ተማሂሮም ሞያ ዝቐሰሙ ዜጋታትና ክነዕቢ ስለዘለና፡ ንሱ ንሰርሓሉ ኣለና። ብከምቲ ንደልዮ ናህሪ ዘይከድና ክንከውን ንኸውን ኢና፣ ንድሕሪ ሕጂ ግን፡ ነቲ ዓቕሚ ሰብና ናይ ቀዳምነታት ቀዳምነት ሂብና፡ እቲ ጸጋ ናይ ሰብና ዝሓየለ ኣበርክቶ ከም ዝህሉዎ ክንገብር ኢና። ካብኡ ናብኡ ኸኣ ናይቲ መንእሰይ መሰረታዊ ጉዳይ እዩ። ካብ ምህውታት፡ ካብ ዘየድልዩ ኣተሓሳስባታት፡ ካብ ዓወንወን ወጺኡ፡ ናብ ናይ ብሓቂ ብቑዕ ዝበሃል ፍልጠትን ሞያን ዝሕዘሉ፡ ኣፍራይነቱ ዘሐይለሉ፡ ክመጽእ ክኽእል ኣለዎ።

ኣብ መወዳእታ መጻኢ ህይወቱ እውን፡ ብኣኡ እዩ ዝሰርዕ። ናብኡ ገጹ ዝኸደሉ ገፋሕቲ መደባት ኣብ ምርቃቕ ኣሎ። ገሊኡ ዝተወደአ እዩ፣ ዝጀመረ መደባት’ውን ኣሎ፣ ግን ቀሊል ኣይኮነን። እተን ቀንዲ ቀንዲ እዚኤን እየን - ክሳድ መሓዝ ማለት እዩ።